ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

اللجنة القيادية المشتركة
الحزب الديمقراطي الارتري
الحركة الشعبية الارترية
حزب الشعب الارتري

JOINT LEADERSHIP COMMITTEE
ERITREAN PEOPLE'S MOVEMENT
ERITREAN PEOPLE'S PARTY
ERITREAN DEMOCRATIC PARTY

# ናይ ዲሞክራስያዊ መስርሕ ኣማራጺታት

**"ንፖሊሲታት ኣውሮጳዊ ሕብረትን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ኣብ ኤርትራን ቀርኒ ኣፍሪቃን ንምቅርራብ" ብዝብል ዛዕባ፡ ብኣውራጳዊ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኣማኻሪ እተባህለ ኣካል ኣብ ዝተዳለወ ኮንፈረንስ ዝቐረበ ወረቐት።**

9-10 ሕዳር 2009

**ሓጺር መእተዊ ንህልዊ ኩነታት ኤርትራ**

ልዑላውነት ኤርትራ፡ ቅድሚ 20 ዓመታት ኣቢሉ ኣብ ዝተረጋገጸሉ እዋን፡ ብዙሓት ኤርትራ ንካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ኣርኣያ ክትከውን'ያ ዝብል እምነት ኣሕዲሮም ነይሮም። ሕማቕ ዕድል ኮይኑ፡ እቲ ናይ ተሃድሶ መሪሕ ክኸውን ትጽቢት እተነብረሉ ሰብ፡ ካብ'ቶም ካልኦት ናይ ኣፍሪቃ ዲክታቶርያውያን መራሕቲ ዘይፍለ ኮይኑ ምርካቡ ግን፡ ነቲ ዝነበረ ብሩህ ተስፋታት ኣጸልሚትዎ ኢዩ። ዝበዝሐ ዓመታት ናይ ናጽነትና ብስቅያት ኢና ኣሕሊፍናዮ። ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ጅቡቲ፡ ሶማልያን የመንን ዝኣመሰላ ጐረባብቲ ሃገራት ውን እንተኾና፡ በቲ ጻሕታሪ ግርጭት ዝኾነ ጨቋኒ መራሒ ኤርትራ ተሳቕየን ኢየን። ኢሳያስ፡ ካብ ቂምን ቅርሕንትን ተበጊሱ፡ ዘየለዉ ጸላእቲ ከምዝፈጥር ብጭብጢ ተረጋጊጹ ኢዩ። ናይ ሃገራት ምዕራብ ዲሞክራሲ ውን፡ ከም ጸላኢ ዝተወስደሉ ኣጋጣሚ ኢና ንርኢ ዘሎና። ናይ ዞባና ጐብለል ንምኳን ካብ ዘለዎ ዘይረዊ ጽምኢ ተበጊሱ፡ ምስ ኣሸበርትን ጥሩፋት ሃይማኖታዊ ሸነኻትን ከይተረፉ ክመሓዞ ተራእዩ ኢዩ። እቲ ክርድኣካ ዘይኽእል ወተሃደራዊ ዕንደራን ቀኑጠባዊ ፖሊሲታትን ናይ'ቲ ስርዓት ብሓደ ሸነኽ፣ ካብ ዓለም ምንጻሉ ድማ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከቢድ ናይ ድኽነት ጸገም ኣእትይዎ ኢዩ።ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ፡ ሕልናኡ ኣዕሪቡ፡ ዋላ ንመሰሉ ምቅላስ ውን ተሳኢንዎ'ዩ ዘሎ። ዜጋታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ፡ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ፡ ፖለቲካውያን መራሕቲ፡ ወነንቲ ትካላት፡ ገዳይም ተጋደልቲ …ወዘተ ብዘይ ክስን ብዘይ ፍርድን ኣብ ማእሰርቲ'ዮም ዝበልዩ ዘለዉ። 11 ካብ'ቶም መስረቲ ናይ ህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራስን ፍትሕን (ህግዲፍ) ዝኾኑ፡ መብዛሕትኦም ድማ ናይ ህዝባዊ ግንባር መራሕትን ኣካል ናይ'ቶም ብጕጅለ 15 ዝፍለጡ ናይ ምእራም ምንቅስቓስን ዝነበሩ፣ ካብ 18 መስከረም 2001 ኣትሒዞም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኢዮም ተዳጕኖም ዘለዉ። ብዛዕባ ሃለዋቶም ዝፈልጥ ሰብ ከኣ የለን። ዲክታቶርያዊ መራሒ ኤርትራ፡ ንዝመጽእ 20 ወይ 30 ዓመታት ውን እንተኾነ፡ ኣብ ኤርትራ ምርጫ ኣይካየደን'ዩ ዝብል መግለጺታት ደጋጊሙ ከቕርብ ተሰሚዑ ኢዩ። ብርግጽ ከኣ፡ ኣብ ትሕቲ'ዚ ስርዓት'ዚ ዝረጋገጽ ለውጥታት ክህሉ ኣይኰነን። ኣብ 2001 እቲ ክቀላቐል ጀሚሩ ዝነበረ ፕረስ ተኣጊዱ፡ ናይ ተመሃሮ ምንቅስቓሳት ውን ከምዝዳኸም ኮይኑ ኢዩ። እታ ኣብ ኤርትራ ዝነበረት ሓንቲ ዩኒቨርሲቲ ተዓጽያ። ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ውን፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ከተማታት፣ ኣብ ወተሃደራዊ ማእከላት ከምዝውሃብ ኮይኑ። ወተሃደራዊ ስነስርዓትን ምእዙዝነት ንሰበ-ስልጣንን ድማ፡ ልዕሊ ኣካዳሚካዊ ፍልጠትን ፖለቲካዊ ንቕሓትን ቦታ ረኺቡ ይስርሓሉ ኣሎ። ብሓጺሩ፡ ናይ ሎሚ ኤርትራ፡-

- ቅዋም ዘይብላ፡ ግዝኣተ-ሕጊ ዘይሕሰበላን፣
- መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ዘይኽበረላ፣
- ናጽነት ናይ ፕረስን ናጽነት ናይ ምእካብን ዘይብላ፣
- ናጽነት ናይ እምነትን ኣምልኾን ዘይብላ፣
- ብሕታዊ ጽላት ክዕንብብ ዘይፍቀደላ፣
- ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዘይርከበላ ...ወዘተ ኰይና ኣላ።

ኵነታት ኤርትራ ከምዚ ክኸውን ዘገደደ ምኽንያት፡ እቶም ዝምልከቶም ተዋሳእቲ፡ እንተላይ ሕብረት ኣውሮጳን ኣመሪካን፡ ካብ መጀመርያ ኣትሒዞም ዝፈጸምዎ ጌጋታት ኢዩ ዝብል እምነት ኣሎና።

- ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ንውድቡን ንመብጸዓኡን ዝጠለመ ውልቀ ሰብ እምነት ምንባሩ፣
- ጐረባብቲ ሃገራት ከኣ፡ ኣብ ማሕበረ-ፖለቲኮ ብዙሕነት ናይ ኤርትራ ካልኦት ኣገዳሰቲ ተዋሳእቲ ከምዘለው እናፈለጡ፣ ካብ መጀመርያ ማለት ካብ 1991 ኣትሒዞም ኣብ'ቲ መስርሕ ንኽሳተፍዎም ዘይምፍታኖም፣
- ሕቡራት ሃገራት፡ ሕብረት ኣውሮጳን ኣመሪካን እንተኾኑ ውን፡ ካብ ናይ ዝሓለፉ ግጉይ ተመኲሮታቶም ኣብ ኣፍሪቃ ተማሂሮም፡ ካብ መጀመርታ ኣትሒዞም፡ ንኤርትራ ኣብ ቅኑዕ ጐደና ንኽትጕዓዝ ዝሕግዛ ዓንድታት ናይ ዲሞክራሲ ክሃንጹ ኣይፈተኑን።

ናይ ሎሚ ኤርትራ እምበኣር ውጽኢት ናይ'ዚ ጌጋታት'ዚ ኢያ። ኤርትራ ሎሚ፡ ህዝባ ብረቂቕ ስልትታት ነንሓድሕዱ ኣብ ዘይትኣማመነሉ ዓባይ ቤት ማእሰርቲያ ተቐይራ ዘላ። ብቕልል ዝበለ ኣገላልጻ፡ እቲ ጨቋኒ ስርዓት ኤርትራ ንህዝቢ ቃል ብቓሉ ጅሆ ገይሩ'ዩ ሒዝዎ ዘሎ።

## ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ

ኤርትራ ናጽነታ ካብ ዝተጓናጸፈትሉ እዋን ኣትሒዙ፡ ንድሌት ናይ'ቲ ገዛኢ ሰልፊ ህግደፍ ኣይምእዘዝን'የ ኢሉ ኣብ ደገ ኰይኑ ክቃወም ዝጸንሐ ውድባት ኣሎ። ኣብ ከባቢ 2001 ዓ.ም ድሕሪ'ቲ ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ንለውጥን ቅዋማዊ ብዝሐ-ሰልፋዊ ስርዓትን ዝጠልቡ ዝነበሩ ኣባላት ሰልፊ ህግደፍ ዝወሰዶ ስጕምቲ፡ ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ናይ'ቲ ኣብ ውሽጢ ክቃወም ዝጸንሐ ሸነኽ፡ ምስ'ቲ ገዲም ኣብ ወጻኢ ዝነበረ ተቓውሞታት ተመሓዝዩ ክቃለስ ጀመረ። ብዙሓት ኣብ ግዳም ዝነበሩ ተደናገጽቲ ናይ'ቲ ስርዓት ድማ፡ ናጻ ዝኾና ሲቪላውያን ማሕበራት መስሪቶም ኣንጻሩ ክንቀሳቐሱ ተራእዩ። ዝበዝሐ ሚኢታዊት ናይ'ቲ ወጻኢ ካብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ዝርከቡ ሃገራት ዝነብር ልዕሊ 200,000 ዝኸውን ኤርትራዊ፡ ናይ'ቶም ኣብ ግዳም ዝርከቡ ናይ ኤርትራ ተቓወምቲ ውድባትን ሲቪላዊ ማሕበራትን ደጋፍን ተደናጋጽን ኢዩ። ብመሰረት ናይ 1997 ጸብጻብ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ኢትዮጵያ 450,000 ኤርትራውያንን ኤርትራው መበቆል ዘለዎም ኢትዮጵያውንን ክህልዉ እንከለዉ፣ ኣብ ሱዳን ድማ 550,000 ኤርትራውያንን ኤርትራዊ መበቆል ዘለዎም ሱዳናውያንን ኣለዉ። ንኣብነት፡ ብዘይካ'ቶም በስገዳድ ካብ ኢትዮጵያ ዝተባረሩ ኤርትራውያን፣ እቲ ስርዓት፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሱዳን ናብ ሃገሮም ክምለሱ ዝገበሮ ጻዕርታት የብሉን። ድሕሪ'ቲ ኣብ 1998-2000 ዓ.ም ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን እተኻየደ ናይ ዶብ ውግእ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ጥራሕ 50,000 ዝኾኑ ኤርትራውያን ናብ ስደት ከምርሑ ይርኣዩ ኣለዉ። ሎሚ፡ ጐረባብቲ ሃገራት ይኹና ሃገራት ኣውሮጳን ኣመሪካን ካብ ጭቆና ናይ ስርዓት ኤርትራ ከምልጡ ዕድል ብዝረኸቡ፡ ኣብ መንጐኦም ንናጽነት ኤርትራ ኵሉ ዝከኣሎም መስዋእቲ ዝኸፈሉ ተቓለስቲ ከይተረፉ ዝርከብዎም ኤርትራውያን ስደተኛታት ተጐቢኦን ኣለዋ። ስለ'ዚ፡ ኣገድስስነት ናይ'ዚ ኣብ ሓጺር ግዜ እናዓበየ ዝመጸ ህላወ ናይ ኤርትራውያን ኣብ ግዳም ምርዳእ ኣጸጋሚ ኰይኑ ኣይስምዓናን። ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ካብ ዘሎ ህዝብና ክንደይ ሚኢትዊት'ዩ ነቲ ስርዓት ዝድግፍ ንምፍላጥ ኣሸጋሪ'ዩ። እንተኾነ ግን፡ ብዙሓት ካብ'ቶም በስገዳድ ዝተዓስከሩ ርብዒ ሚልዮን ዝኾኑ ኤርትራውያን ወተሃደራትን ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ካብ'ቲ ዕድለኛ ዘይኰነ ህዝብን፡

ብናይ ኢሳያስ ኣፍወርቂ መወዳእታ ዘይብሉ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ዲፕሎማስያውን ዕንደራታትን ጌጋታትን ሕጉሳት ከምዘይኮኑ ንምግማት ዘጸግም ኣይመስለናን።

ብርግጽ፡ መብዛሕትኦም ኤርትራውያን ሎሚ፡ ስርዓት ኣስመራ ክወድቕ'ዩም ዝደልዩ። እንተኾነ ግን፡ ብሰንኪ ተሪር ናይ ጭቆናን ምክትታልን መሓውራት ናይ'ቲ ስርዓት፡ ህዝብና ንሕማቕ ሃለዋቱ ንምቕያር ኣይከኣለን ዘሎ። ድሌት ናይ'ቶም በስገዳድ ዝተዓስከሩ፡ ንሃገሮም ራሕሪሖም ኣብ ካልእ ምንባር ምኻኑ ግን፡ ብዓይንና ንርእዮ ኣሎና። ድሕር'ቲ ብክንደይ መስዋእቲ ዝተረጋገጸ ናጽነትና፡ ኩልና ንሃገርና ክንምለስ'ዩ ነይሩ ትምኒትና። ብኣንጻሩ ግን፡ ህዝቢ ኤርትራ ንዳግማይ ስደት ከምርሕ ንዕዘብ ኣሎና።

## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

ኣብ ግዳም እንርከብ ተቓወምቲ ውድባት፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀሩብ ዓመታት፡ ኣብ ትሕቲ ድሌታትን ትጽቢታትን ናይ ዝበዝሑ ኤርትራውያን ዝውክል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣጽሊልና ኣሎና። ኪዳን፡ ናይ ተቓወምቲ ውድባት ንጥፈታት ዘውሃህድን ንህዝቢ ኣንጻር'ቲ ምእንቲ ዲሞክራሲ ዝግበር ዘይቅድም-ኩነታዊ ልዝብ ዘይቕበል ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ክለዓል ዝጉስጉስ ኣካል ኢዩ። ሃገራዊ ጽላልና ወይ ኪዳና፡ ኣብ ኤርትራ፡ ዘይምእኩልን ዲሞክራስያውን ናይ ኣብዝሓ ሰልፍታት ስርዓት ንምትካል ዘኽእል ቻርተር ኣለዎ። ብተወሳኺ፡ ቻርተሩ፡ ናይ ኤርትራ ብዙሕነት ኣብ ክሊ ሃገራዊ ሓድነት ንዘረጋግጽ ናይ ወከልቲ ህዝቢ ትካላትን ሃገራዊ ቅዋምን ምእዙዝ ኢዩ። እዚ ዕላማታት'ዚ ክዕወትን፡ ናይ ህዝብና ስቅያት ክሓጽርን እንተደኣኮይኑ ግን፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ይኹን ኣባላት ውድባቱ ካብ ፈተውቲ ሰላምን ዲሞክራስን ዝኾኑ ኣህዛብ ዘይተቈጠበ ደገፍ ክረኽቡ ይግባእ።

ሓጺር መብርሂ ንምሃብኩም፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ነቲ ተኸፋፊሉ ዝነበረ ናይ ተቓውሞ ሓይሊ ዝጥርንፍ ብ13 ውድባት ዝቈመ ጽላል ኢዩ። ካብ'ዞም 13 ኣባላት ኪዳን ዝኾኑ ውድባት፡ ሰለስተ ሓደ ሰልፊ ንምምስራት ኣብ መስርሕ ናይ ሓድነት ይርከቡ ኣለዉ። እቲ ኣብ ታሕሳስ 2009 ክፍጸም መደብ ታታሒዝሉ ዘሎ ምጽንባራዊ ሓድነት፡ ነቶም ኣባላት ናይ'ተን ምእንቲ ናጽነት ዝዋግኣ ዝነበራ ክልተ ዓበይቲ ውድባት፡ ተሓኤን ህግሓኤን፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ፕሮግራም ዘምጽእን፣ ናይ ህዝብና ድሌት ናይ ሓድነትን ለውጥን ከማልእ ኢዩ ዝብል ትጽቢት ኣሎ። ሰለስቲኦም ውድባት፡ ዓልማናውያን ኰይኖም፡ ንዲክታትርያዊ ስርዓት ኤርትራ ኣውዲቖም ብዲሞክራስያዊ ናይ ኣብዝሓ ሰልፍታት ስርዓት ንምትካኡ ዝቃለሱ ዘለዉ ኢዮም። ንሳቶም ከኣ፡-

1. ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ
2. ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
3. ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኢዮም።

ካብ'ተን ዝተረፋ 10 ውድባት ኪዳን ከኣ፡ እዞም ዝስዕቡ 4 ውድባት፡ "ግንባር ተዳሙን ኤርትራ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ስም፡ ስሙር ግንባር መስሪቶም ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ፡-

1. ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
2. እስላማዊ ናይ ምእራም ምንቅስቓስ ኤርትራ
3. እስላማዊ ሰልፊ ንፍትሕን ንልምዓትን
4. ፈደራላዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ

ከምኡ ውን፡ ክልተ ብሄራዊ ውድባት፡ "ዲሞክራስያዊ ግንባር ብሄራት ኤርትራ" ዝብል ሓባራዊ ግንባር ፈጢሮም ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ፡-

1. ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኵናማ ኤርትራ
2. ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ኢዮም።

**ካልኦት ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ድማ፡ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።**

1. ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
2. ኤርትራዊ እስላማዊ ጉባኤ
3. ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ
4. ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

**ናይ ዲሞክራስያዊ መስርሕ ኣማራጺታት**

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብዛዕባ መስርሕ ዲሞክራሲ ኣብ ኤርትራ ብዝምልከት ምስ ስርዓት ኣስመራ ክላዘብ ቅሩብነቱ ካብ ዝገልጽ ነዊሕ ግዜ ኰይኑ ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ኢሳያስ፡ ምስ ህላወኦም ዘይኣምነሎም ተቓወምቲ ውድባት ኮፍ ክብልን፡ ብዛዕባ ሰላማዊ ምስግጋር ናብ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ክላዘብን ዘይሕሰብ ኢዩ። እቲ ጉዳይ ከም'ዚ ኰይኑ፡ ቻርተር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ግን፡ ኣባላት ውድባቱ፡ ነቲ ስርዓት ንምውዳቕ፡ ብዅሉ ዝከኣል ኣገባባት ንህዝቢ ክጉስጉሱን ከልዓዕሉን ዘፍቅድ ኢዩ።

ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝኾኑ ውድባት፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ብኣጋኡ ለጊሱ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ብዝተመርጸ መሪሕነት እንተደኣ ዘይተተኪኡ፡ ቀርኒ ኣፍሪቅ ብዝኸፍአ ዕግርግር ክናወጽ ምኻኑ ኢዮም ዝርእዩ። ኤርትራውያን፡ ካብ'ዚ ሕጂ ዝግሃድ ዘሎ ብዝሒ ንላዕሊ ክስደዱን፡ ጉዳይ ስደተኛታት ኣብ ጐረባቲ ሃገራትን ካልኦትን ብዙሕ ሽግራትን ሕልኽልኻትን ከኸትል ኢዩ። ስርዓት ኣስመራ ውን፡ ምስ ጥሩፋት ሓይልታት ተመሓዝዩ፡ ኣብ ዞናና ዝያዳ ዘይርጉእ ሃለዋት ክፈጥር ክጽዕር ኢዩ።

እተን ኣነ ዝውክለን ውድባት፡ (ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን) ነቲ ስርዓት ብሰላማዊ ዲሞክራስያውን ቃልሲ ናይ ህዝቢ ክኣልይዎ ኢዮም ዝኣምኑ። <u>ኤርትራውያን ዲሞክራስያዊ መተካእታ ናይ ስርዓት ኤርትራ ክሸውን ይኽእል'ዩ ኢሎም ንዝኣምንዎ ሰልፊ ወይ ሰልፍታት ምድጋፍ ንዲሞክራስይዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ዘቀላጥፍ ምኻኑ ጽኑዕ እምነትና ኢዩ</u>። ኤርትራ ካብ'ተን ዝፈሸላ ሃገራት ወይ መንግስታት ከይትኸውን፡ ድልዱል ዲሞክራስያዊ ሓይሊ ወይ ሓይልታት ንምፍጣር ክሳብ ሕጂ ብተገዳስነት ኣይተራእየን ዘሎ። ቀርኒ ኣፍሪቃ ይኹን ዓለምና፡ ተመኩሮ ሶማልያ ክድገም ስቕ ኢሎም ክርእዩ የብሎምን ንብል።

**ሕብረት ኣውሮጳን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ንኤርትራውያን ከበርክቱሎም ዝኽእሉ ሓገዛት፡-**

ሕብረት ኣውሮጳ ይኹን ኣመሪካ፡ ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት፡ ኣብ ኤርትራ ክኽተልዎ ዝጸንሑ ፖሊሲታት ዕዉት ኣይነበረን። ካብ'ዚ ተመኲሮ'ዚ ትምህርቲ ወሲዶም፡ ምዕራባውያን ዲሞክራስያውያን ሃገራት፡ ንስርዓት ኤርትራ፡ መስርሕ ዲሞክራሲ ክቕበል ከገድድዎ ይኽእሉ ኢዮም ዝብል እምነት ኣሎና። እቶም ክውሰዱ ይኽእሉ ኢዮም ኢልና እንርእዮም ስጉምታት ድማ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

- ነቲ ስርዓት ዝውሃብ ተክኒካዊ ደገፋት፡ እንተላይ እቲ 122 ዩሮ ናይ ሕብረት ኣውሮጳ ደው ምባል፣
- ንኤርትራ ዝውሃብ ሰብኣዊ ረዲኤት፡ ኣብ ኣገልግሎት ናይ'ቲ ስርዓት ከይውዕል ምቍጽጻር፣ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኤምባሲታት ኤርትራ ዘካይድዎ ዘይሕጋዊ ምንቅስቓሳት ደው ምባል። ኣብ ኵሉ ኵርንዓት ናይ ዓለም ዝርከቡ ኤምባሲታት ናይ'ቲ ስርዓት፡ ነቶም ኣብ

ግዳም ዝነብሩ ኤርትራውያን እናፈራርሑ 2% መሕወይ ግብርን ወፈያታት ክገብሩን የገድድዎም ምህላዎም ዅሉ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ኤምባሲታት፡ ኣብ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ናይ ገንዘብ (ሓዋላ) ተዋፊሮም ከምዝሰሑ ውን ፍሉጥ ኢዩ።

- ናይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ቀያድን ናይ መወዳእታን ብይን ኣብ ግብሪ ምውዓል ውን ናይ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ሓላፍነት ኢዩ። እዚ ምስ ዝግበር፡ ስርዓት ኤርትራ ንመስርሕ ዲሞክራሲ ንምዕንቃጽ ዘቕርቦ ምስምሳት ኣይክህልዎን ኢዩ።
- እገዳታት? - ተራ ዜጋታት ኤርትራ፡ ብሰንክ'ቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ጐራባብቲ ሃገራትን ዘሎ ናይ ዝምድና ምቍራጽ፡ ኣብ ትሕቲ ዘይእዉጅ ናይ እገዳ ሃለዋት'ዮም ዝርከቡ ዘለዉ። ናይ ሕቡራት ሃገራት እገዳታት፡ መብዛሕቱ ግዜ ንተራ ዜጋታት'ዩ ዝጐድእ ክበሃል ይከኣል። እንተደኣ'ቲ ዝውሰድ እገዳ ንመነባብሮ ናይ ተራ ዜጋታትና ዘይጐድእ ኰይኑ፡ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ደገፍቱ ኢና። ኣንጻር'ቲ ስርዓት እገዳ ክግበር ዝጽውዕ ድምጽታት ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ክስማዕ ጸኒሑ ኢዩ። እዚ ኣብ ግብሪ ክውዕል እንተደኣ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ፡ ነቲ ብድኽነት ዝሳቐ ዘሎ ህዝብና ዝያዳ ጸገማት ከይፈጥረሉ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ጥንቁቕ ዝኾነ ናይ ሰብኣዊ ረዲኤት መደባት ከዳልወሉ ይግባእ ንብል።

እዚን ካልእ ተመሳሳሊ ስጕምታትን ተደማሚሮም፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ነቲ ቅድመ-ዅነ ዘይብሉ ጻውዒ ኪዳን ንልዝብ ክቕበሎን፣ ምስ ተቓወምቱ ኮፍ ኢሉ ክላዘብን ክግደድ ይኽእል'ዩ ዝብል እምነት ኣሎና።

**ህጹጽ ናይ ሕብረት ኣውሮጳን ናይ ኣመሪካን ደገፋት ንዘይመንግስታዊ ኣካላት ኣብ ስደት**

ንስርዓት ኣስመራ ዝውሃብ ደገፍ ደው ይበል ክንብል ከሎና፣ ንህዝቢ ኤርትራ ዝውሃብ ደገፍ ደው ክብል ኣለዎ ማለትና ኣይኰነን። ኣብ ስደት ዝነብሩ 1.5 ሚልዮን ዝኾኑ ኤርትራውያን ኣለዉ። መብዛሕታኦም ከኣ፡ ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ኢዮም ዝርከቡ። ነዚኦም ምድጋፍ ማለት፡ ነታ ድሕሪ ውድቀት ዲክታቶርያዊ ስርዓት እንሃንጻ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ዓቢ ጽልዋ ክህልዎ ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ሃገራት ምዕራብ፡ ነዞም ኣብ ስደት ዝርከቡ ኤርትራውያን ዘይመንግስታዊ ተዋሳእቲ ዘድሊ ደገፋት ክገብራሎም ሕጋውን እዋናውን ጕዳይ'ዩ ዝብል እምነት ኣሎና። እቶም ናይ ሕብረት ኣውሮጳን ኣመሪካን ስሙር ደገፍ ዘድልዮም መዳያት ከኣ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

- ትምህርቲ ንመንእሰያት ስደተኛታት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ካብ'ቲ ናብ ኤርትራ ክስደድ ተመዲቡ ዝነበረ እሞ ደው ክብል ዝተወሰነሉ ገንዘባዊ ደገፋት፡ ገሊኡ ንሞያዊ ምልመላ ናይ'ቶም ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ዝርከቡ መንእሰያት ስደተኛታት ከምዝውዕል ምግባር፣
- ናይ ስደተኛታት ማሕበረ-ኮማት ምድጋፍ፡- ኣብ ስደት ንዝርከባ ናይ ኤርትራውያን ማሕበረ-ኮማትን ሲቪላዊ ማሕበራትን ዘድሊ መሳለጢታት ምቕራብን ምሕያልን፤
- ትምህርታዊ ሚድያ፡- ንሚኢቲ ዓመት ዝኸውን ግዜ ዝቐጸለ ውግኣት፡ ኤርትራውያን ብዋጋ ዲሞክራስያዊ ክብርታትን ሰብኣዊ መሰላትን፡ ናይ ወተሃደራዊ ዕንደራታትን ናይ ድፍዓት ስነ-ኣእሙሮን ኣሉታዊ ጽልዋታት ግዳያት ክኾኑ ተገዲዶም ኢዮም። ነዚ ንምእራም ፡ ምስ ትምህርታዊ መደባት ዝምድና ዘለዎም ናይ ረድዮ ፈነወታት ብምትእትታው፡ ነቲ ዝጸንሐ ኣሉታዊ ጽልዋ፡ ብዲሞክራስያዊ ባህልን ብሰብኣዊ ክብርን ምትካኡ ከድሊ ኢዩ።
- ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ኣባል ውድባቱን ምድጋፍ፡- እዚ ጕዳይ'ዚ ኣብ መጀመርያ ግር ክብለኩም ይኽእል ይኸውን። እንተኾነ ግን፡ እዘን 13 ናይ ኪዳን ውድባት እዚኣተን ውጽኢት ናይ ብዅራት መሰረታዊ ሰብኣውን ፖለቲካውን መሰላት ምኺኣነን ምግንዛብ የድሊ። እዚ ሃገራዊ ጽላል'ዝን ኣባላት ውድባቱን፡ ነቲ ናይ ህዝብና ድሌት ናይ ሰላምን ዲሞክራስን ዝውክሉ ትካላት ስለዝኾኑ፡ ደገፍኩም ክረኽቡ ይግባእ ኢዩ። ሕጂ፡ ንፈተውቲ ኤርትራውያን ነቕርበሎም ህጹጽ ጠለብ እንተልዩ፡ ነቲ ምእንቲ ለውጥን ዲሞክራስን ዝግበር ዘሎ ዋዕላ

ክድግፉ ኢዩ። ሕብረት ኣውሮጳን ኣመሪካን ውን፡ ነዚ ፕሮጀክት’ዚ ብምድጋፍ ዝሓሸ መጻኢ ንኤርትራውያን ኣብ ምፍጣር ዓቢ ኣስተዋጽኦ ክገብሩ ይኽእሉ ኢዮም።

ደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ፡ እቶም ዝውክሎም 3 ውድባት ድማ ብፍላይ፡ ካብ ሕጂ ጀሚርና፡ ብዛዕባ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ኢሳያስ ዘሎ ግዜ ክንዛረብን መደባት ክነውጽእን ይግብኣና’ዩ ዝብል እምነት ኣሎና። ካብ’ዚ ተበጊስና፡ ናይ መሰጋገሪ ውጥን ዝብል ንድፊ ኣዳሊና ኣሎና። ኣብ ርእስ’ቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ናይ ሞያ ስልጠናን ትምህርትን ካልእ ዓይነት ደገፋትን፡ ነዚ ናይ ምስግጋር መድረኽ ንድፊ ንምምዕባልን ንህዝብና ብዛዕባ ዲሞክራስያዊ ክብርታት ንምምሃርን፡ ተወሳኺ ደገፍ ከድልየና ኢዩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ድሕሪ ውድቀት ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ዲሞክራስያዊ መተካእታ ክህልዎ እንተደኣ ኰይኑ፣ ናይ ሕብረት ኣውሮጳን ኣመሪካ ሓንጸጽቲ ፖሊሲታት፡ ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ነቶም  ይግብኦም’ዩ ዝብልዎም  ኣባላት ውድባቱን ዘድሊ ፖለቲካውን ንዋታውን ደገፋት ክትገብሩ ኣገዳሲ’ዩ ዝብል እምነት ከምዘሎና ከነረጋግጸልኩም ንፈቱ።

ንተገዳስነትኩም ነመስግን! የቐንየልና።

ወልደሱስ ዓማር
ስለ
ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ